ላም ሓዊ ካብ ወለደት

*****************



እታ ሓላል ዘይ ኢዳ ረኺባ
ክብዲ ዝራህረሀት ኣዐንጊላ ጸባ
ክንዲ ዝጾረት ኣብቲ ጸዋር ክብዳ
ሓዊ እንዶ እም ወለደት ልባ ዘንደዳ

ክብዲ ዝኸሕሳ ዝውዕል ኣብ ደበሳ
ክንዲ ዝእብዳ ሓዊ ኮይንዎ ኣበሳ ኣብ ልዕሊ ኣበሳ
ተካል ዘርኢ ብኻ ክይተርኤ ኣይብቆል
ክርክኳሕ ኮይንዎ ዒደር ኮይኑዎ ዓንዴል

ስለ ዝወለደት ክይትልሕሶ ሓዊ እንዶ ኮና ተካል ቡቃልያ
ክይትገድፎ ክብዲ ወላዲት ምኻኣሉ ሲኢና
ጓህሪ ኮሊሱ ረመጽ ዝተፍእ ዘርኢ መርገም
ወሊዳ ከምዘይ ወለደት ክትከውን ዓረም

ብኻ ክይቦቖለ ሓሪሩ መጉያይ ዘመዱ
ቀንጠባጥቦ ቅሙጥ ዘልዕላ ይቀርሰማ ኢዱ
ውዕለት ባርሀት ዘቃልል ዘራኽስ ውዕለት ሓመር
ክይቦቖለ ብኻ ተሪፉ ከም ቀንጥሻ ምሮር ይሕረር

ንዓዲ ጓና ክሐጉስ ብዕስበት ኣብ ሕሰማ ዝውዕል
ዝበልዓሉ ጻሕሊ ሰይሩ ኣይ ዓደይ ኣይመሬተይን ክብል
መፍቶ ተጻይ መሕሰር ዓደ ቡኡ በትኪ
ብኻነይ ክይተወልደ ተሪፉ ካብ ዝኸውን ጽኪ

እም ደኣ ነዚ ኩርኳሕ ሃገር ፍጮ ጫሌዳ
ነዚ ዕሩብ ሕልና ፈጺጋ ናይ ሃገር ማዳ
እንታይ ምንሕሳዩ ክንደይግዜ ኣሎ ሕድገት ኣብ ምንትኒ
ይቀርሰም እምበር ደጊም ይኣክል ምሕረት ኣይተሰምዑኒ

ክላእ ትጽሮ ክሳብ መዓስ ኩርኳሕ ምስካም
ካብ ደገሶ ናይ ኣንድነት ተካል ሕማም
ምምዝሓቑ እዩ ፍጮ ተካል ጊንጢ ዓቃቢቶ ስኒ
ኣይ ቡቕልናን እዩ ልቡ ሕልንኡ ንሕሰም ዝቓኒ

ደጊም ኣኸለ
እንታ እታ ላም ኣይትልሕስን ዘንድዳ ሓዊ
ውሉዳ ምኺኑ ይትረፉ ካብ ዕስበት ምስ ኣባይ ተማሓዛዊ
ብኻነይ ክይቦቖለ ተሪፉ ተካል ዘርኢ ክርዳድ
ምልሓስ ይትረፉ ካብ ብገዛእ ዉሉዳ ምንዳድ

ኣሸናፊ ኣብርሃም(ኣሽ)  ጀርመን 2017